BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## What do you do in your spare time?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ እዚ ኣገደስቲ ክፋላት ቋንቋ እንግሊዝ ሒዙልኩም ዝቐርብ መደብ እዩ። ኣነ ተኽለማሪያም በኪት እየ፡
ንሎሚ ትምህርትና ሰባት ኣብ ጊዜ ዕረፍቶም ብዛዕባ ዝገብርዎም ነገራት ብኸመይ ከምእንሓትት ክንመሃር ኢና።
እስከ ሕቶ ሕድሕድ እዞም ክልተ ሰባት ብዛዕባ ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ዝገብርዎ ነገራት ንስማዕ።

**Sam**
*What do you do in your spare time?*

**Rob**
*I play the guitar in a band. What about you?*

**Sam**
*I like exercising.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ ኣይትሻቀሉ፡ እዚ ምይይጥ'ዚ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱ ክንሕግዘኩም ኢና።
ፈለማ ሳም፤ 'እንታይ ትገብር?' 'What do you do…?' ክትብል ንሮብ ሓቲታቶ። ኣስዒባ 'in your spare time?' ማለት ኣብ ትርፊ ግዜኻ/ግዜኺ ማለት'ዩ።
ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*What do you do in your spare time?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ድሕሪኡ 'ኣብ ባንድ ጊታር እጻወት' 'I play the guitar in a band' ክብል ሮብ መሊሱ። ብዛዕባ ምጽዋት ሙዚቃ ክንዛረብ እንከሎና 'play' ዝብል ቃል ንጥቀም። 'Band' ናይ ሙዚቃ ጉጅለ ማለት'ዩ።

*I play the guitar in a band.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሮብ ድማ 'ንስኺ'ኸ?' ብምባል መሊሱ ሓቲትዋ። ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*What about you?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ መወዳእታ፤ ሳም ምንቅስቃስ እየ ዝፈቱ ክትብል መሊሳ። እትፈትዎ ነገር ንምግላጽ እንተደሊኩም 'like'


© British Broadcasting Corporation 2018

ከምኡ'ውን አብ መወዳእታ '–ing' ብምውሳኽ ትገልጹ። ንኣብነት ፊልም ምርኣይ ትፈትው እንተኾንኩም 'I like watching movies.' ዝብል ተጠቀሙ። ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*I like exercising.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ፤ ሕጂ እንታይ ከም ዝበልኩም ንዝተፈላለዩ ሰባት ነንሕድሕዶም ብዛዕባ ኣብ ትርፊ ግዚኦም ዝገብርዎ ነገራት ክዘራረቡ ብምስማዕ ኣረጋግጹ።

*What do you do in your spare time?*

*I go fishing by the river. What about you?*

*I like playing sports.*

*What do you do in your spare time?*

*I play basketball with my friends. What about you?*

*I like meeting friends.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ እስከ ደጊምና ንስማዕ። ነዚ ናይ ኢንግሊዝኛ ሓሳባት ብምስማዕ ድገምዎ። ክልተ ጊዜ ክትሰምዕዎ ኢኹም።

*What do you do in your spare time?*
*What do you do in your spare time?*

*I play the guitar in a band.*
*I play the guitar in a band.*

*What about you?*
*What about you?*

*I like exercising.*
*I like exercising.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ እምበኣር፡ ሕጂ ማዕረ ክንደይ ነቲ ዝተማሃርኩሞ ቋንቋ ኢንግሊዝ ከምእትዝክርዎ ነብስኹም ገምግሙ። ነዚ ብትግርኛ ትሰምዕዎ ምሉእ ሓሳባት ብእንግሊዝኛ ድገምዎ።

*ኣብ ግዜ ዕረፍትኻ እንታይ ትገብር?*
*What do you do in your spare time?*

*ኣብ ባንድ ጊታር እጻወት።*
*I play the guitar in a band.*


© British Broadcasting Corporation 2018

*ንስኻ'ኸ?*
*What about you?*

*ምንቅስቓስ እፈቱ።*
*I like exercising.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም - ሕጂ ከመይ ጌርኩም ንሰባት ብዛዕባ ዘለዎም ፍሉይ ዝንባለታት ከም እትሓቱ ፈሊጥኩም ኣለኹም። ንሳም ብምምላስ ተለማመዱ። 'ንስኺ'ኸ?' ብምባል ድማ ደጊምኩም ሕተቱ።

*What do you do in your spare time?*
*I like exercising.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ፤ ሕጂ ነዚ ሙሉእ ዝርርብ ደጊምኩም ብምስማዕ መልስታትኩም ኣረጋግጹ።

***Sam***
*What do you do in your spare time?*

***Rob***
*I play the guitar in a band. What about you?*

***Sam***
*I like exercising.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ ሕጂ ሰባት ኣብ ትርፊ ግዜኦም እንታይ ከም ዝገብሩ ብኢንግሊዝኛ ምሕታት ተማሂርኩም ኣለኹም። ዝተምሃርኩምዎ ምልምማድ ግን ኣይትረስዑ። መሓዛ ኣናዲኹም ኣብ ግዜ ዕረፍቶም እንታይ ከምዝገብሩ ብምሕታት ተለማመዱ።

ኣብ ዝቕጽል Essential English Conversation ክሳብ እንራኸብ ልዋም ቅነ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018